Hospice général

**ጉዳይ፦ ለውጢ ኣብ ኣተሓሕዛ ጉዳያት ማሕበራዊ ድሕነት - ካብ ጥሪ 2025**

ንዝምልከቶ ኵሉ፣

ካብ ጥሪ 2025 ኣትሒዙ፡ ሕጊ ማሕበራዊ ድሕነትን ምምካት ድኽነትን (LASLP) ዝተሰምየ ሓድሽ ሕጊ ማሕበራዊ ድሕነት ኣብ ተግባር ክውዕል'ዩ። ኣብ'ቲ ምስ ትካል ሆስፒስ-ጀነራል (Hospice général) ዝጸንሓኩም ዝምድና ገለ-ገለ ለውጥታት ክህልዉ እዮም። እዞም ለውጥታት እዚኣቶም ድማ ንኹሉ ዝጠቕሙ እዮም።

ሕመረት ዕላማ ናይ'ዚ ሕጊ፡ ተጠቀምቲ ኣገልግሎታት ማሕበራዊ ድሕነት ዝረኽብዎ ደገፍ ብምሕያል፡ ኣብ መስርሕ ማሕበራውን ሞያውን ውህደት ከምዝሕይሉ ምግባር'ዩ። ኣብ ጀኔቫ ምስ ዘንጸላልዉ ብድሆታት ድኽነት ብምግጣም፡ ንጉዳይ ተበጻሕነት ኣገልግሎታት ማሕበራዊ ድሕነት ዝቐለለ ኣብ ምግባሩ እውን የተኵር።

ስለዚ መጠናት ናይ'ቶም ክወሃቡኹም ዝጸንሑ ገንዘባዊ ሓገዛት ክብ ክብሉን ካልኦት ድምራውያን ክፍሊታት ክድረብዎምን እዮም። እቶም ድምራውያን ክፍሊታት፡ ንገለ ካብ'ቶም ብመገዲ ትካል ሆስፒስ-ጀነራል ክደቓቐሱልኩም ዝጸንሑ ሰነዳት ዕዳ (ቢላት) ባዕልኻትኩም ክትከፍልዎም ከኽእሉኹም እዮም። ስለዚ፡ ዝያዳ ናጽነት ሃልዩኩም፡ ብኸም'ዚ ኣገባብ ገንዘብኩም ከተመሓድሩ ኢኹም።

ስራሕ ኣብ ምጅማር ድዩስ ናብ ናይ ስራሕ ህይወት ኣብ ምምላስ (ዋላ ናይ ከፊላውያን ሰዓታት ስራሕ ጥራይ ይኹን) ምእንቲ ክትሕጉዙ፡ ንኣታዊኹም ዘራጕድ መጠን ገንዘብ ክህልወኩም'ዩ። ስለዚ፡ ስራሕ እንተጀሚርኩም፡ መጠን ወርሓዊ ኣታዊኹም ክብ ክብል'ዩ።

ኣብ'ዚ ሓድሽ ሕጊ እዚ፡ ካልኦት ለውጥታት'ውን ተገይሮም ኣለዉ። **ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ**፦

- በዚ መኸፈቲ መስመር ናብ መርበብ ሓበሬታ ኣቲኹም፡ ብዛዕባ'ዚ ሕጊ መብርሂ ዝህቡ ቪድዮታትን ሰነዳትን ርኣዩን ኣንብቡን፦ [laslp.hospicegeneral.ch](laslp.hospicegeneral.ch)
- ቅድሚ ምዝዛም ናይ'ዛ ዓመት፡ ምስ ሓደ/ሓንቲ ካብ ሰራሕተኛታት ትካል ሆስፒስ-ጀነራል ተራኺብኩም፡ ብዛዕባ ምስ'ቲ ትካል ዘሎኩም ህሉው ኵነታት ብፍሉይ ዘትዩ

ምስ ኣኽብሮት፡

ኣመሓዳሪት ኣካል ናይ ትካል ሆስፒስ-ጀነራል

Mieux vivre ensemble à Genève
hospicegeneral.ch